

Grenfell Tower
Memorial Commission

# Remembering Grenfell

Recommendations and next steps to a memorial

November 2023



# ትግርኛ / Tigrinya

# ተዘከሮ ግሪንፈል(Grenfell): ማዕዳታትን ናይ ዝኸሪ ቀጸልቲ ደረጃታትን(ሕዳር 2023)

*እዚ ናብ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝትርጎም ናይዚ ሪፖርት ሓጺር ቅዲ ኣዳሊና ኣሎና፡፡ እቲ ሙሉእ ሪፖርት ኣብ መርበብ ሓበሬታና ምንባብ( ን ምትርጓምን) ትኽእል:*[www.grenfelltowermemorial.co.uk/report2023](http://www.grenfelltowermemorial.co.uk/report2023)

## ጽማቕ ሪፖርት

እቲ ናይ 14 ሰነ 2017 ዘሕዝን ፍጻመ ስዒቡ ናይ ግሪንፈል ታወር ኮሚሽን (Grenfell Tower Memorial Commission) መዘከርታ ተመስሪቱ፡፡ ናሃትና ዕላማ በዚ ሂወቶም ዝሰኣኑን በዚ ምኽንያት ብቀዋምነት ሂወቶም ዝተቐየሩ ሰባት ብትኽክል እቲ መዘከርታ ዝምጥንን ማህበረሰብ ተኮር ዝገበረ ራእይ ንክህልው ንምግባር እዩ፡፡ እዚ ከይዲ ኣብ መስከረም 2019 ተጀሚሩ፡፡

ካብኡ ንድሓር ምስ ማሕበረሰብ ግሪንፈል፤ ማለት እውን ምስ ሓዘንተኛ ስድራ ቤታት ፣ ካብ ሞት ዝተረፉ፣ ናይ ላንቻስተር ዌስት ኢስት (Lancaster West Estate) ነበርትን ኣብ ግሪንፈል ታወር ኣብ ቀረባ ዝነብሩ ነበርትን ብቐረባ ሰሪሕና፡፡ ንናይ ቀጻሊ መዘከርታ ዘለዎም ተስፋን ባህግታን ከንግንዘብ ክኢልና፡፡ ኣብ ናይ ጉንበት 2022 ምዝካር ግሪንፈል: ናይ ክሳብ ሕጂ ጉዕዞና ሪፖርት (Remembering Grenfell: our journey so far): ኣብቲ ዝነበረና ከይዲ ክሳብ ሽዑ ካብ ካብ ማሕበረሰብ ግሪንፈል ዝሰማዕናዩ ኣቕሪብና ኔርና፡፡ እዚ ድማ ሰሚዕናዮ ንዝነበረና ጉዳይ ዘለና ግንዛበ ንክንምርምር ዕድል እውን ዝሃበና ነይሩ፡፡

እዚ ሪፖርት ዝያዳ ዝበለጸ እዩ፡፡ ናይ ኣስታት ኣርባዕተ ዓመታት ስራሕ ኮይኑ ማሕበረሰብ ግሪንፈል ነቲ መዘከርታ ዘለዎ ራዕይ፤ ናይ ቀጻሊ ምሕደርኡን እቲ ማሕበሰብና ንዝሰኣናዎም ንምዝካር ዝካየድ ዘሎ ከይዲን ዘካተተ እዩ፡፡ መዘከርታና እንታይ ከመሰል ከምዘለዎ ኣመልቲ ማሕበረሰብና ዝበሎ ነካፍል፡፡ ሰባት ኣብ ዝደልይዎ ናይ ሓባር መርገጺ ምስ ዝህሉ ከምኡ ንብል፡፡ ኣብ ኣረኣእያ ኣፈላላያት ምስዝህሉ ወይ ድልየት ደቂ ሰባት ንብውሑድ ምስዝግለጽን ብውሑድ ግልጺ ምዝኸውንን ከምኡ ንብል፡፡

ከም ኮሚሽን ኣርባዕተ መብጽዓታት ንኣቱ:

■ ፈላማይ መብጻዓና ክብርን ሰላምን ዘለዎ ቦታ ንምፍጣር መብጽዓ ንኣቱ እቶም ዝፈትውዎም ሰባት ዝሰኣኑን ዘኽብርዎን ምስ ዝኸሮም ቅርበት ዝስመዖምን ከምኡ እውን ሕብረተሰብና ዝዝክሮ ነባሪ ቦታ ምግባር፡፡

■ ካልኣይ መብጻዓና ኣብ ግሪንፈል ታወር ዘጋጠመ ዘሕዝን ፍፃመ ፍጹም ከምዘይርሳዕ ንምርግጋጽ ዘኽእል ዓብይ መዘከርታ ምፍጣር እዩ፡፡ ሕጂ ይኹን፤ ኣብ ቀጸልቲ ዓመታት ኣይኸውንን፡፡ ንሕናን ዝተረፉ ማሕበረሰብንግሪንፈል ን ብዛዕባ እዚ ኣዝዩ ንጹር ቅዋም ኣሎና፡፡

■ ሳልሳይ መብጻዓና ድማ እቲ መዘከርታ ከምዝሕሎ ንምርግጋጽ ናይ ቦታ ምትዕርራይ ምሕጋዝ ኮይኑ ክሃስስ ወይ ክዓኑ ኣይንፈቅድን ኢና፡፡

■ ራብዓይ መብጻዓና ድማ ሓሳባትን ድልየታትን ማሕበረሰብ ግሪንፈል ብዛዕባ እቲ መዘከርታ ኣብ ዝውሃብ ውሳነ ቀንዲ ወሰንቲ ከምዝኾኑ እዩ፡፡

ኣብ ጉዕዞና ሕብረተሰብና ብዝደልዮ ፍጥነት ተጓዒዝና ኢና፡፡ ማሕበረሰብ ግሪንፈል ብብዙሕ ጉዳያት ይፍለ እዩ፤ እቲ መዘከርታና ድማ ንዓና ብፍሉይ ዝገልጽ ኮይኑ ኣሎ፡፡

ናይቲ መዘከርታ ንድፌ ንምውጻእን ንምህናጽን ኣብ እንቃረበሉ እዋን እዚ ሪፖርት ንክውንነቱ ዝህልው ቀጸልቲ ደረጃታት ኣካቲቱ ኣሎ፡፡ እዚ ድማ ከም ሕጋዊ ዋንነት፤ ምስ ድልየታት ዝፈትውዎም ዝሰኣኑ ሰባት ዝኸይድ ናይ ግሪንፈል ታወር ባእታት ከመይ ከምዝዕቀቡን ንቀጻሊ ውሑሳት ከምዝግበሩን ዝምልከቱ ናይ ተግባራዊ ጉዳያት ምይይጣት ይሓውስ፡፡

**መንግስቲ ኑቲ መዘከርታ ዘለዎ ተዋፋይነት ከኽብርን ናይቲ ኮሚሽን ማዕዳታት ንምፍጻም ግብኡ ንክዋጻእ ነዘኻኽር፡፡**

**ካብ መንግስቲ ዝውሃብ እዋናዊ፣ህዝባዊ ምላሽን ንቅድሚት ምስቲ ኮሚሽን ንምስራሕ ምስምዕማዕን ኣገዳሲ እዩ፤ እዚ ድማ ብመሰረት ኣብዚ ሪፖርት ዝተቐመጠ ናይ ጊዜ ሰሌዳ ክኸውን ኣለዎ፡፡**

ካብ ናትናብተውሳኺ–እቲ ኮሚሽን– ውልቃዊ ተወፋይነት ናይ ደገ ሰብ ሞያ ካብ ማሕበረሰብ ግሪንፈል ኑቲ እቲ መዘከርታ ርኢቶን ሓሳብን ‹ቅጥዕን›ሓሳባት ኣብ ምውፋይን ‹ምምላእ› ንምእካብ ሓጊዞምና እዮም፡፡

እዚ ሓገዝ ምስ ማሕበረሰብ ግሪንፈል ዝገበርናዮ ቀጥታውን, ንብዙሕ እዋን ዓሚቝ ውልቃ ምይይጥን፤ ብተወሳኺ ብተሓባበርቲ ኣቦንበራትና ዝተገበሩ ናይ ማሕበረሰብ ምይየጣት ማዕዳታትን ክነፍልጥ ገይርና፡፡ ከም ኮሚሽን ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ይኹን ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ካልኦት ናይ ዘሕዝኑ ፍጻመታት ኣብ መዘከርታ ካብ ዝተሳተፉ ስድራ ቤታት፣ ጉጅለታትን ሓብሓብትን ማዕዳ ወሲድና ኢና፡፡ ማዕዳታትና እዚ ኩሉ መጽናዕቲ ናብ ሓደ ዘምጽእ ኮይኑ ንዝኸሪ እቶም ዝሰኣንዮም ንምኽባር የገልግል፡፡

እዚ ሪፖርት ናይቲ ማሕበረሰብ ናይ ዝኽሪ ራዕይ ንምትግባር ንዝግብር ጉዕዞ ባይታ ዘንጽፍ እዩ፡፡ ምሕታም እዚ ሪፖርት ስዒቡ ስፔሻሊስት ዝኾነን ማሕበረሰባዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ናይ ንድፊ ጉጅለን ምንዳይ ክንጅምር ኢና፡፡ እዚ ኣብ ዝቕጽል ጽድያ ክንገብሮ ንግምት፤ እቲ ጉጅለ ድማ ኣብ መወዳእታ 2024 ክምረጽ እዩ፡፡ እቲ ናይ መዘከርታ ንድፊ ምስቲ ማሕበረሰብ ብምኽኣን ኣብ መወዳእታ 2025 ክምዕብልን እቲ መዘከርታ ምህናጽ ድማ ካብ መወዳእታ 2026 ንምጅማር ንሓስብ፡፡ ኣብ መወዳእታ እዚ ሪፖርት ከምዝገለጽናዮ እቲ ትኽከለኛ እዋን ኣብ መንግስቲ ብዛዕባ ናይ ግሪንፈል ታወር ቀጻሊ ኩነታት ኣመልኪቱ ዝህቦ ውሳነ ዝበለ ካብ ኢድና ወጻኢ ብዝኾነ ኣብ ካልኦት ጉዳያት ዝተመስረተ ይኸውን፡፡

## መጠቓለሊ: <u>ናትና ማዕዳ ንናይ ግሪንፈል ታወር ሳይት መዘከርታ</u>

ካብ ማሕበረሰብ ግሪንፈል ብዝሰማዕናዮ መሰረት ብዛዕባ እቲ ናይ ቀጻሊ ንድፊ መዘከርታ እዚ ዝስዕብ ንምዕድ፡፡

1. እቶም በቲ ዘሕዝን ፍጻመ ዝሓዘኑ ስድራ ቤታት፣ ብለይቲ ኣምሊጦም መንበሪኦም ዝሰኣኑን ከምኡ እውን ኣብ ጥቓ ግሪንፈል ታወር ዝነብሩ ኩሉ ጊዜ ብዛዕባ እቲ መዘከርታ ኣብ ዝውሃቡ ውሳነታት ወሳኒ ተራ ክጻወቱ ኣለዎም፡፡

2. እቲ መዘከርታ ንኒወሕ እዋን ከምዝጸንሕ ኮይኑ ክስራሕ ኣለዎ፤ እዚ ማለት ቀዋሚ ክኸውን ኣለዎ፡፡

3. እቲ መዘከርታ ከም ውልቀን ማሕበረሰብን መንን እንታይን ከምዝሰኣና ብዝዝክርን ብዘንጸባርቕን መልክዑ ሰለማዊ ስፍራ ክኸውን ኣለዎ፡፡

4. እቲ መዘከርታ ሓምላይ ቦታ ክካትት ኣለዎ; እዚ ድማ ከም ሓገዝ ንዝኽሪ ናይ ምዕባይ ስምዒት ዝህብ ሓምላይ ቦታ እዩ፡፡

5. እቲ መከዘከርታ ዝፈትውዎም ዝሰኣኑ ስድራ ቤታት ብውልቆም ሓዘኖም ዝገልጽሉ ቦታ ክህልዎ ኣለዎ፡፡

6. እቲ ናይ መዘከርታ ንድፊ ናይ ማሕበረሰብ ግሪንፈል ሃብታም ሕውስዋስ እምነተታትን ናይ ባህሊ ድሕረ ባይታን ዘንጸባርቕን ኮይኑ እቶም ካባና ዝተፈለዩ እውን ዝምልከትን ክኸውን ኣለዎ፡፡

7. ናይቲ መዘከርታ ንድፍታት ዓለም እቲ ኣብ እቶም እንፈትዎምን ማሕበረሰብናን ዘጋጠመ ፍጹም ከምዘይርሰዖ ዘረጋግጽ ክኸውን ኣለዎ፡፡ እቲ ናይ መዘከርታ ንድፊ ኣስማት ናይቶም ካባና ዝተፈለዩ(ስድራ ቤታትእንተድኣደልዮም) ንምክታት ኣማራጺ ክህልዎ ኣለዎ፤ ከምኡ እውን ናይቲ መዘከር ንውሓትን ርኡይነትን ኣብ ግምት ክኣትው ኣለዎ፡፡

8. እቲ መዘከርታ ንትውልድታት ዝነበርን ፈጺሙ ሽለል ክበሃል ዘይብሉን ክኸውን ኣለዎ፡፡ እቲ መዘከርታ ኣብ መጻኢ ክሕብሐብን ክመሓደርን ምእንታ ግቡእ ምትዕርራይ ክግበር ኣለዎ፤ እዚ ንምግባር ድማ ገንዘብ ክዳለው ይግባእ፡፡

9. ስነ ጥበብ ኣብ ጉዕዞ ማሕበረሰብ ግሪንፈል ካብ ጥፍኣት ናብ ተስፋ ንምውሳድ ኣገዳሲ ግደ ኣለዎ፡፡ እቲ መዘከርታ ሓወልቲ (ከምኡ እውን ንበጻሕቲ ካብ ኣየር ዝከላኸል ዝተሃነጸ መዋቕር ወይ ካልእ ስነ ህንጻ)ን/ወይ ንማሕበረሰብ ዘበራብሩ ጥበባዊ ስርሓት፣ ፍቕሪ፣ተስፋ፣ሓዘንን እቶም ካባና ዝተፈለዩን ከካትት ኣለዎ፡፡

10. ማይንን ኣጠቓቕማ ብርሃንን ብማሕበረሰብ ግሪንፈል ዝጠቐሱ ኣገደስቲ ባህርያት እዮም፡፡ እዚኣቶም ኣብ ከይዲ ምምዕባል እቲ መዘከርታ ኣብ ግምት ክኣትው ኣለዎም፡፡

11. እቲ መዘከርታ ድልየት ህጻናት ሒዞም ንዝበጽሑ ወለዲ ዝሕግዝ ክኸውን ኣለዎ፡፡ እቲ ኮሚሽን እቲ መዘከርታ ኣብቲ ዘሕዝን ፍጻመ ዝስኣናዮም ህጻናትን ቆልዑትናን መንእሰያትናን ክሳብ ክንደይ ከምዝተጸወሩን ከርኢ ከምዝግባእ ይምዕድ፡፡

12. ሓንሳብ እቲ መዘከርታ ምስተሃነጸ ሕጋዊ ዋንነትን ናይ ዕለታዊ ምሕደራ ስፍራ እቲ መከዘርን ጉዳይ ካብ ከባብያውን ማእኸላይ መንግስትንምሕደራ  ናፃ ዝኾኑ ብቑዓትን ልምድን ዘለዎም ሰብ ሞያ ክወሃብ  ኣለዎ፡፡ እቲ ሮያል ፓርክስ(Royal Parks)_ ብዝሓት ሃገራዊ ረብሓ ዘለዎም መዘከርታት ብምምሕዳር ብዘለዎ ተሞክሮ እዚ ክፍጽም ዝኽእል ትካል ከምዝኸውን ንኣምን፡፡ መንግስቲ ናይ ሮያል ፓርክስ ተኽእሎነት ወይ መዘከርታ ድሕሪ ህንጸት ናይ ምምሕዳርን ምጽጋንን ኣብ ምውጋን ዝርከቡ ተመሳሰልቲ ትካላት ክምርምር እቲ ኮሚሽን ይላቦ፡፡

## ካብቲ ግሪንፈልፈል ታወር ሳይት ወጻኢ ዝሃብናዮም ማዕዳታት

13. እቲ ኮሚሽን እቲ ሃገራዊ ኣርካይቭ ሓዊሱ ምምዕባል ኣርካይቭ፤ ምስራሕ ምስ ሰብ ሞያ ይምዕድ፡፡ ገለ ክፋላት እቲ ኣርካይቭ ብኣባላት ሓዘንተኛ ስድራ ቤታትን ካብቲ ፍጻመ ብዝተረፉን ክብጽሑ ይግባእ፡፡

14. ጥንቃቐ ዘድልዮን ገላጻይን ዲጂታል ኣርካይቭ ምስ ኣባላት ስድራቤትን ካብ ሞት ዝተረፉን ብኂን ክሕሎ ከምዘሎ እቲ ኮሚሽን ይምዕድ፡፡

15. እቲ ኮሚሽን ናይ ነዊሕ እዋን ህዝባዊ ኤግዚብሽን ክካየድ ይምዕድ፡፡ ምስቲ ኣርካይቭ ብሓባር ብምኺን፤ እቲ ናይ ሕጅን ቀጻልን ትውልድታት ብዛዕባ እቲ ዘሕዝን ፍጻመ ክፈልጡን ክዝክርዎን፤ ኣብቲ ፍጻመ ግደ ዝነበሮም ኩነታትን ማሕበረሰብ ግሪንፈል ዝሃቦ ግበረ መልስን ክነርኢ ኢና፡፡

16. እቲ ኮሚሽን ናይ(ወይ ካብ) ግሪንፈል ታወር ባእታት–ከም ኣካል እቲ ዝኽሪ ክዕቀብ ዘይኽእል እንተድኣኮይኑ – ኣብቲ ካልኣይ፣ ግቡእ፣ ተበጻሓይን ቅዱስን ስፍራ ‘ክዓርፍ’ ኣለዎ፡፡ እዚ ቦታ ምስ ኣባላት ስድራ ቤታትን ካብ ሞት ዝድሓኑን ስምምዕ ዝተበጽሓሉን ምስ መራሕቲ ሃይማኖት ናይቲ ከባቢ ምምይጥ ዝተገበረሉን ክኸውን ኣለዎ፡፡ ከምዚ ዓይነት ቦታ ንምንጻር መንግስቲ ምስ ከንቲባ ከተማ ለንዶንን ሃይማኖታዊ መራሕቲ ሃይማኑቶት ናይቲ ከባብን ክሰርሕ ንሓትት፡፡

## <u>ተሳትፎ ምስ ማሕበረሰብ ግሪንፈል</u>

እቲ ቀጻሊ መዘከርታ ኣብ ድልየት ሓዘንተኛታት፣ ካብ ሞት ዝተረፉን ከባቢዊ ነበርትን ዝተመስረተ ንክኸውን ካብ ፈለማ ጀሚርና ንማሕበረሰብ ግሪንፈል ክንሰምዕ ከምዘለና ንፈልጥ ኢና፡፡ እዚ ቀሊል ስራሕ ኣይነበረን፤ ምስ ምዝማት Covid-19 ተዛሚዱ ድማ ከቢድ እዩ ነይሩ; ግና ክንድድላዮም ብድሆታት የጋጥሙና ውፉያት ኮይንና ብዝለዓለ ተብግሶ እቲ መደብ ንምዕዋት ሰሪሕና፡፡

ንሕና ኣብቲ ኮሚሽን ዘሎና ንገዛእ ርእስና እውን በቲ ዘሕዝን ፍጻመ ብቀጥታ ዝተጎዳእና ኢና፡፡ ናያ ገዛእ ርእስና በሰላ ኣብቲ ምምይጥና ጽልዋ ከምዝነበሮን ብቀጻሊ እውን ከምዝህልዎን ንኣምን፡፡ ንሕና ባዕልትና እውን ሕድሕዳዊ ምርድዳእን ትዕግስን ከምዘድልየና ክፉት ኣእምሮ የድልየና እዩ፡፡

ምስ ማሕበረሰብ ግሪንፈል እንገብሮ ተሳትፎ ኣብዞም ዝስዕቡ ቁልፊ ክብርታት ዝተመስረተ እዩ፤

**ርህራሄን ጥንቃቐን**
ናይ ማሕበሰረብ ግሪንፈል ሓዝንን በሰላን ንግንዘብ ኢና፤ ከምኡ እውን ንሙብዛሕቴና ብዛዕባ መዘከርታን ዝኾነ ዝርርብ ምግባር ንምእማኑ ዝሸበድ ጓሂ ከምዝፈጥር ንፈልጥ ኢና፡፡ ኣብ ተሳትፎና ኣብዚ ጥንቃቐ ንገብር፤ ነንሕድሕድናን ማሕበረሰብ ግሪንፈል ክሳተፉን ብናይ ባዕሎም ኣገባባትን ንዓዓቶም ዝበለጸ ብዝብልዎን ሓሳባቶም ክገልጹን ንተሓጋገዝ፡፡ እዚ ዘካትቶ ተኽእሎ ሰባት ብውልቆም ወይ ብሓባር ከም ወኪል ወይ ጉጅለ ስድራ ብዝኾነ ቋንቋ ወይ ኣገባብ ሓሳቦም ንክገልጹ፡፡

ኩሉ ሰብ እዚ ዝርርብ ንምግባር ክፈቅድ ወይ ድልው ከምዘይኸውንን ኣብ ከምዚ ዓይነት ዝፈላለየ ባህሊ ዝውንን ማሕበሰረብ ድማ ስድራ ቤታት ዝተፈላለየ ናይ ሓዘንን ብኽያትን ኣገባባት ከምዘለዎምን ንግንዘብ ኢና፡፡

ኩሎም ኣባላት ማሕበሰረብ ግሪንፈል ብዛዕባ እቲ ኩነታት ንክግንዘቡ ዕድል ምእንቲ ክርከቡ ነቲ ክንሰምዖ ዝጸናሕና ምምላስ ብቀፃሊ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነይሩ፡፡ ካብ ፈለማ ጀሚርና ዘድሊ ጊዜ ብምውሳድ ብናህሪ ማሕበሰረብግሪንፈል ክንጓዓዝ ኢና፡፡ ኣብቲ ከይዲ ኣይተሃወኽናን ኔርና፤ ግና እቲ ናይ መጻኢ መዘከርታ ንምህናጽ ኣገዳሲ ለውጢ ከምዝተወገነ ንፈልጥ ኢና፡፡

**ብዙሕነትን ሓቋፍነትን**
እቲ ኣደናቒ ብዙሕነት ማሕበረሰብ ግሪንፈል ነኽብርን ክብሪ ንህብን ኮይንና ሰባት ሓሳባቶም ዝገልጽሉ ሰፊሕ ኣገባብ ክህሉ ከምዝግበአ እውን ንግንዘብ፡፡

ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣመታት ሰባት ኣብ ኣኼባታትን ምምይጣትን፤ ብጽሑፍን (ብናይ ማሕበረሰብና ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሓዊሱ) ዋላ ብስእልን ስነ ጥበብን ሓሳባቶም ገሊጾም፡፡

ምስ ሓዘንተኛታን ካብ ሞት ዝተረፉን ዝተኻየዱ ርክባት ብዋናነት ኣብቲ ኮሚሽን ብዘለው ወኪላት ሓዘንተኛታትን ካብ ሞት ብዝተረፉን እዩ ተመሪሑ፡፡ ኣቲ ከባቢ ንልዕሊ 200 መዓልታት ምብጻሕ ብምኽያድ ካብ ምሉእ ብዙሕነት ናይቲ ከባቢ ነበርቲ ከምዝሰማዕና ንምርግጋጽ ምስ ኣባላት ማሕበረሰብ ተዘራሪብና እውን ኢና፡፡

እቶም እዚ ስራሕ ዝውግኑ ዝነበሩ ኣምሓርኛ፣ ዓረብና፣ ዲያካንኬ፣ ፋርሲ፣ ፈረንሳይና፣ ሂንዲ፣ኢታልያን፣ ማሊንከ፣ ፖርቹጊዝ፣ ሶማሊ፣ ስፓኒስ፣ስሶሶ፣ ሲልሄቲ፣ ትግርኛን ኡርዱን ሃዊሱ ብዝተፈላላዩ ቋንቋታት ኣፎም ዝፈትሑ እዮም፡፡

ሕድሕድ ርኢቶ ኣድሚጽና ክብሪ እንህብ ኮይንና ዝበለጸ ክብደት እንህቦ ምስ ሓዘንተኛታት ዝዛመድ ርኢቶ እዩ፡፡

**ምትሕብባር**
እቲ ዝተውሃበነ ዕማም ገዚፍ ስለዝነበረ ክፋትን ተሓባባርን ኣእምሮ ክህልወና ከምዝግባእ ከምኡ እውን ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ግሪንፈል በዘሎዎ ትብዓት ተውህቦን ክንጥቀመሉ ከምዝግባእ ፈሊጥና፡፡ ኣብ ጉዕዞና ካብ ኣባላት ማህበረሰብ ግሪንፈል፣ ካብ መላእ ዓለም ብካልእ ዘሕዝን ፍጻመ ዝሓዘኑን ስድራ ቤታትን ካብ ሞት ዝተረፉን፤ ካብ ተሳተፍን ናይ ንድፊ ስፔሻሊስታትን ካልኦት ብቀጥታ ምስ ኮሚሽን መዘከርታ ዝሰርሑ ሰብ ክኢላታትን ዓብይ ደገፍ፣ ሓገዝን ማዕዳን ተቐቢልና፡፡

## እቲ ናይ መጻኢ መዘከርታ እንታይ ክመስል ኣለዎ

ናይ ግሪንፈል ታወር መዘከርታ ራዕይ ሓሳብ:-

*ግሪንፈል ታወር መዘከርታ ኣብ ልቡ* ***ሰለማዊ*** *ቦታ ክኸውን እዩ፡፡ ህይዎቶም ንዝሰኣኑ ሰባት ዘንጸባርቕን ዝዝክርን፤* ***ስለምንታይ*** *እዚ ዘሕዝን ፍጻመ ከምዘጋጠምን ኣድላይነት* ***ፍትሕ****ን* ***ዘንጸባርቕ*** *ቦታ ክህልዎ እዩ፡፡*

*እቲ መዘከርታ ን****ማሕበሰረብ*** *ግሪንፈልን ኣብ ውሽጦም ዘሎ* ***ፍቕር****ን* ***ተስፋ*** *ዘላዕል ስምዒትን* ***ኣዎንታውነት****ን* ***ንሕሉፍምዝካር****ን* ***ንመጻኢ ምእማትን ዘንጸባርቕ ክኸውን*** *እዩ፡፡*

*ሓዘንተኛታት፣ ካብ ሞት ዝተረፉን ኣባላት ከባቢያዊ ማሕበረሰብ* ***ዘተኣኻኽብ ቦታ*** *ክኸውን እዩ፡፡*

*ነቶም ህይወቶም ዝሰኣኑን ስድራ ቤቶታቶምን ካብቲ ባርዕ ዝድሓኑን ኣባላት ማሕበሰረብ እቲ ኸባብን* ***ክብሪ*** *ዝህብ፣* ***ዝኸበር፣ ድሙቕ ነባሪን*** *መዘከርታ፡፡*

እቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ናይ ራኢይ ሓሳብ ካብቲ ህዝቢ ብዝሰማዕናዮ መሰረት ዝተዳለወ እቲ መዘከርታ ዝሰርሖ ይገልጽ፡፡ እዚ እቲ ማሕበረሰብና እቲ መዘከርታ እንታይ ክመስል ከምዘለዎኣመልኪቱ ክገልጾ ዝጸንሐ ሓሳብ እዩ፡፡

ናይቲ መዘከርታ ራኢይን ከም ኮሚሽን ዘለና ሓላፍነት ብዝተቐበልናዮ ሓሳብ ቅርጺ ሒዙን ተመዓራርዩን ኣሎ፡፡ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ኮሚሽን ኮይንና ብሓባር ክንመጽእ እንከሎና ኣብ ባዶ ወረቐት ኢና ስራሕ ጀሚርና፡፡ ሕድሕድ ከይዲ ካብቲ ዝገበርናዮ ምይይጥ ዝረኸብናዮ እዩ፤ከምኡ እውን ሰባት እንታይ ነጊሮምና፡፡

እቲ ናይ ግሪንፈል ታወር መዘከርታ ራኢይ ሓሳብ ንማሕበረሰብ ግሪንፈል ኣዛራብና ብዝረኸብናዮ ሓሳብ ዘካተተ ኮይኑ ንንማሕበረሰብ ግሪንፈል ምዝራብን ምስማዕን ስለዝቐጸልና ተመሓይሹ እዩ፡፡ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ቅዲ ናይ ራኢይ ሓሳብ እቲ መዘከርታ 'ድምቕ'ን'ነባርን' ክኸውን ከምዘለዎ ወሲኽና፡፡ ድሕሪ እቲ ዘሕዝን ፍጻመ ጊዜ እናኸደ ብዝመጸ ማሕበሰረብ ግሪንፈል እዚ ክርሳዕ ከምዘይብሉ ሓቱቱን– ምሕታት ቀጺሉን– ኣሎ፡፡ እቲ መዘከርታ በቲ ድሕሪ ባይታ ክሃስስ የብሉን፡፡

ናብ ዘሰማምዕ ሓበራዊ ሓሳብ ምምፃእ ምስ ተጀመረ፡ ነቲ ዝሓተትናዮም ሰባት ዝሃብዎ መግለፂ ብምኽታትን፣ ኩሉ ግዘ ዝወሃቡ ርኢቶታት ብጥንቃቐ ብምምርማር እንትኸውን እዚ ድማ ልክዕ ዕምበባ ዘለዎ ፅባቐ ብቀስታ ከም ዘውፅኦ፤ ንሰባት ትኽክለኛ ስምዒት ዝህብ እዩ፡፡

ኣብቲ ምይይጣት ግልጺ ዝኾነ ሓሳብ እቲ መዘከርታ ነቶም ካባና ዝተፈለዩ ጽቡቓት ነፍስታት እንዝክረሉ ሰለማዊ ቦታ ክኑውን ኣለዎ ዝብል እዩ፡፡

እቲ ዘሕዝን ፍጻመ ንምንታይ ከምዘጋጠመን ብኸመይ ክውገድ ይኽእል ከምዝነበረን ብምፍታሽ ፍትሒ ሸለል ክበሃል የብሉን፡፡ ነቲ ዘጋጠመ ዝገልጽ ምስሊ ዝህሉ ኮይኑ ፈጺሙ ክርሳዕን ሸለል ክበሃልን የብሉን፡፡ ናይ ማሕበረሰብ ግሪንፈል ፍቕርን ሓይልን ዘንጸባርቕ ኮይኑ ንቀጻሊ ተስፋን ኣዎንታንታን ዝፈጥርን ክኸውን ኣለዎ፡፡

እቲ መዘከርታ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕ፤ ካብቲ ዝተሃነጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንስድራ ቤታትን፣ ንመሓዙትናን እንፈትዊም ሰባት ብዝዛረበሉ ተመሳሳሊ ኣገባብ ንወሎዶታት ክዛረብ ኣለዎ፡፡ ኩነታት ዓለም ይቀያየር ብዘየገድስ ንዘላኣሎም ነቶም ዝሰኣናዮም ሰባት ሰላምን ክብርን ዝሕዝ ቦታ ክኑውን ኣለዎ፡፡ እቲ መከዘርታ ዘልኣለማዊ ከምዝኾነ ክንዛረብ እንከሎና ንኹላትና ዝሓልፍ ነባሪ መዘከርታ እዩ ማለትና እዩ፡፡

ኩሎም ብማሕበረሰብ ግሪንፈል ዝተውሃቡና ሓሳባትን ርኢቶታትን ዋላ እኳ ኣብዚ ኣይካተቱ ኣገደስትን ወርቃውንን እዮም፡፡ ኣብ ግሪንፈል ዘጋጠመ ሃገራዊ ዘሕዝን ፍጻመ ኮይኑ ልዕሊኡ ድማ ብወልቀ እቶም ዝፈትውዎም ዝሰኣኑ ዘሕዝን ፍጻመ እዩ፡፡ ልዑል ቦታን ቀዳምነትን ነቶም ዝፈትውዎም ዝሰኣኑ ሰባት ክውሃብ ከም ዝግባእ ብግልጺ ሰሚዒና ኢና፡፡

ምስ ላንካስተር ዌስት ስቴትን ካልኦት ናብቲ ማሕበረሰብ ቀረባ ዝኾኑ ኣካላት ኣብዝገበርናዮ ምይይት እቶም ሓዘንተኛ ስድራ ቤታት ዝለዓለ ድምጺ ክህልዎም ንዝብል ሓሳብ ልዑል ድጋፍ ተዋሂቡ፡፡ መብዛሕትኡ ክፋል ማሕበረሰብ እቲ መጻኢ መዘከር ናይቶም ሓዘንተኛ ስድራ ቤታት ተስፋን ራኢይን ከንጸባርቕ ዝግባእ ኮይኑ በቶም ካብ ሞት ዝድሓኑን ነባርቲ እቲ ከባብን ብሲሑ ዝተደገፈ እዩ፡፡

ዋላ እውን ብዙሓት ሓሳባትን ትምኒታትን ዝተውሃቡና እንተኾነ ናይዚ መዘከርታ ቀንዲ ዕላማ ነቶም ካባና ዝተፈለዩ ዝዝከርሉ ቦታ ምፍጣርን እቲ ዘሕዝን ፍጻመ ዘጋጠመሉ ቦታ ምልክት ክግበሉን ኣብ እኣምሮና ድማ ንዘለኣሎም ክዝከር ምግባርን እዩ፡፡ እቲ ዘጋጠመ ዕንወት ኣብቲ ዝህነጸ ክካተት ኣለዎ፡፡

*ናይ ዝሓለፈ ሪፖርትና ንግሪንፈል ምዝካር: ናይ ክሳብ ሕጂ ጉዕዞና ;* እቶም ዝሰማዕናዮም ቁም ነገራትን ሓሳባትን ኣካፊልና፡፡ እዚኦቶም ከምዘይተቐየሩን ኣንገፊቶም ከምዘይቀየሩን ንኣምን፤ ምኽንያቱ ተወሰኽቲ ሰባት ብዘዛረብና ቁጽሪ ተመሳሳሊ ቁም ነገራት ምስማዕና ቀጺልና ስለዘለና ዩ፡፡

ኣብዚ ሰነድ ዘካተትናዮ ከይዲ ንድፊ ነቲ መዘከርታ ናይ መወዳእታ ዝኸሪ ንምግባር ማሕበረሰብ ግሪንፈል ብምስታፍ

ቀጻሊ ስራሕ ዝሓትት እዩ፡፡ ኣብዚ ኣካቲትናዮ ዘሎና ማህበረሰብና ብዛዕባ ኣብቲ መዘከከርታ ዝህሉ ኣገዳሲ ነገር ኣመልኪቱ ዝሃበና ሃሳብ ዘውክል እዩ፡፡

## እዚ ሪፖርት ምስተሓተመ እንታይ ይኸውን?

ኣብ ጽድያ 2026 ናይቲ ኮሚሽን ክኢለታት ንግሪንፈል ታወር መዘከርታ ዝኸውን ናይ መወዳእታ ንድፊ ክዳልው እዮም፡፡

እዚ ሓሳብ ንምምዕባል ብመሰረት እዚ ሪፖርት እዚ ናይ ንድፊ መብርሂ ክግበር እዩ፡፡ ናይ ንድፊ ጉጅለታት ኣዚ ኣገዳሲ ስራሕ ዘለዎም ዝተዳለወ ኣገባብ ንከቕርቡ ዕድመ ክግበረሎም እዩ፡፡ ካብኣቶም ውሑዳት ድማ ሓሳባቶም ንከማዕብሉ ክዕደሙ እዮም፡፡

እቲ ጉጅለ እቲ ኣብዚ ሪፖርት ዝተገለጸ ናይቲ መዘከርታ ራኢይ ዝምልስ ብምምራጽ ናይ መወዳእታ ንድፊ ንኸዳልው ቀጸልቲ ስራሕቲ ይውግኑ፡፡ እቲ ማሕበረሰብ ግሪንፈል ኣብ ሕድሕድ ከይዲ ዝሰተፍ ኮይኑ ኣብ መንጎ ማሕበረሰብን ናይ ንድፊ ጉጅለታትን ዝግበር ብምድላው ዝበለጸ ስራሕ ምስራሕ ይከኣል እዩ፡፡ እቲ ናይ መወዳእታ ንድፊ ናይቲ ማሕበረሰብ ድልያትት ናብ ንዘላኣለማዊ ዝኾነ ኣካላዊ መዘከርታ ክቕይሮ እዩ፡፡

**ሕዳር 2023: ናይ ንድፊ መብርሂ ምዝዛምን ናይ ምምራጽ ከይዲ ዝርዝራትን፡፡**
ካብ ማሕበረሰብ ግሪንፈል ዝሰማዕናዮ፣ ዝርዝር ሓበሬታት ብዛዕባ እቲ ሳይትን ናይ ክኢላ ማዕዳን እቲ ናይ ንድፊ መብርሂ ንምምዕባል ክንጥቀመሉ ኢና፡፡ እዚ ድማ ነቲ ሃዋህውን እቲ መዘከርታ ከመይ ክስምዖ ከምዘለዎን፣ ክህልዎ ዝግባእ ቅርጽን ብሓዘንተኛታት፣ ካብ ሞት ዝድሓኑ ማሕበረሰብ ግሪንፈልን ዝሓተትዎ ዝርዝራትን ብንጹ ክግለጹ እዮም፡፡ ንመጻኢ መዘከርታ ንምዳፍን ንምምዕባልን ዘድሊ ጉጅለ ዝገልጽ ክኸውን እዩ፡፡ እዚ ድማ ኣርክቴክት፣ ላንድስኬፕ ኣርክቴክ ወይ ኣርቲስታትን ሓዊሱ እቲ ናይ ንድፊ ጉጅለ ኣብ ግምት ዘእትዎ ቁልፊ ሓሳባት ከካትት እዩ፡፡

**ጽድያ 2024፡ ናይ መፃኢ ዲዛይን ጉጅለ ግንዮታት**
መዘከርታ ንድፊ ጉጅለ ምምራፅ ከይዲ ምጅማር፡፡ ኣብዚ ክሳተፉ ዝደልዩ ጉጅለታት ብኸመይ ከም ዘመልከቱ ብዝምልከት ንፁር ዝኾነ መለክዕን ዝርዝርን ከሐትም እዩ፡፡

■ እቶም ኣመልከቲ ኣርክቴቸራልን ላንድስኬፕ ሞያዊ ልምዲን ምስ ኮም ብሓባር ናይ ምስራሕ ልምዶም ሓዊሱ ብዛዕባ ዘለዎም ልምዲ ክርእዩ ክሕተቱ እዮም፡፡

■ ኣብዚ ደረጃ እዚ ዲዛይን ኣይንሓትትን፡ እንተኾነ ግና እቲ ንድፊ ብኸመይ ክሰርሕዎ ከም ዝሓሰቡን ነዚ ድማ ምስቲ ማሕበረሰብ ብኸመይ ብሓባር ከም ዝሰርሑ ዝምልከት ዝርዝር ንደሊ ኢና፡፡

■ ምሳና ዝዋደዱን ማሕበረሰባዊ መሪሕነት ዝወስዱ ጉጅለታት ክንእልሽ ኢና፡፡ ጠንካራ ማሕበረሰባዊ ትኹረት ዘለዎም ጉጅለታት ክሳተፉ ኣዝዮም ይተባብዑ እዮም፡፡

**ክረምቲ 2024፡ ሓፂር ዝርዝር**
■ መዘከርታ ኮሚሽን ክሳዕ ሓሙሽተ ዝበፅሑ ንድፍን ጉጅለታት ናብ መወዳእታ ዙር ኣብ ከንዲ ግሪንፈል ኮም ብምኳን ብሓገዝ ኣማኸርቲ ክመርፅ እዩ፡፡

**ኣብ መወዳእታ 2024 ን መጀመርታ 2025፡ ናይ ንድፊ ጉጅለ መረፃ**

■ ነቶም ናብ ዝርዝር ዝኣትው ጉጅለታት ነዚ እንተድኣ ክሰርሕ ተመሪፁ ነዚ ንድፊ ብኸመይ ከም ዝሰርሖ ክሕተት እዩ፡፡ እቲ መዘከርታ እንታይ ክመስል ከም ዝኽእል ቪዥዋል ውክልና ከካት ይግባእ፡፡

■ እዚ ድማ ብኣካልን ኦንላይን ነቲ ማሕበረሰብ ክነካፍልን፤ ናይቶም ዝሞቱ ሰባት ስድራ፣ ካብዚ ዝተረፉን ካልኦት ሰባት ኣብቲ ናይ መዘከርታ ከይዲ ኣብ ልቢ ግሪንፈል ኮም ክፀንሕ ክንገብር ኢና፡፡ እቲ ማሕበረሰብ ክሳተፈሎም ኣብ ዝኽእለሎም መንገድታት ዝምልከት ኣብ ዝተፈላለዩ መንገድታት ዝርዝር ክነቕርብ ኢና፡፡

■ እቲ ኮሚሽን ኑቶም ዝሓለፉ ጉጅለታት ጉጅለኣዊ መስርሕ፣ ንድፊ ውክልናን ምስ ኮም ምስራሕ ኣዋድድኦም ሓዊሱ ናይቲ ፕሮፖዛል ንምልካዕ ግልፂ መለክዒ ክቕምጥ እዩ፡፡ እቲ ጉጅለ ንኮማዊ መለክዕታትን ቴክኒካውን ሞያዊ ማዕዳ ምላሽ ክህብ ትፅቢት ይግበር፡፡

■ ናይ መወዳእታ ጉጅለ ተመሪጹ ንማሕበረሰብ ግሪንፈል ይግለፅ፡፡ ናይ መዘከርታ ንድፊ ዝርዝር ምስ ማሕበረሰብ ግሪንፈል ብምኽን ይዳለው፡፡

**ኣብ መወዳእታ 2025፡ መዘከርታ ናይ ምድላው ንድፊ**

■ ናይቲ መዘከርታ ዲዛይን ምስዚ ጉዳይ ዝራኸቡ ናይ ግሪንፈልድ ማህበረሰብ ብሓባር ብምኳን ክዳለው እዩ፡፡

■ ናይዚ መዘከርታ ናይ መወዳእታ ዲዛይን ድማ ክኣትው ትፅቢት ንገብር፡፡

**ጽድያ 2026**

■ ነቲ መዘከርታ ናይ ትልሚ ፈቓድ ክፀድቕ ትፅቢት ንገብር፡፡

**መወዳእታ 2026**

■ መዘከርታ ህንፃ ምህናፅ ዝጅምረሉ ፈላማይ ግዘ፡፡ እዚ ድማ እቲ ናይ መዘከርታ ኮሚሽን ድልው ክኸውን ከሎ፣ በቲ ዝተሰማምዕሉ ንድፊ፣ ናይ ምህናፅ ምድላው መሰረት ብምግባር እዩ፡፡

<u>**ግሪንፈል ህንፃ መዘከርታ ኮሚሽ ብኸመይ ትረኽብዎ:**</u>

■ ብኤሜይል ብ GTMCSecretariat@levellingup.gov.uk

■ ብ 0303 444 4831 ደውሉልና

■ ብቐጥታ ተወከልትና ንምርካብ ወይ ናብ ኒውስሌተርና ክታምኩም ብምእታው ሓሳባትኩም ንክትልእኹልና ናብ መራኸቢ ገፅ እተው: www.grenfelltowermemorial.co.uk/contact

■ ስሩዕ መረዳእታታት ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ተኸታተሉ(@GrenfellTowerMC)